መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ናይ የሱስ ናይ ፈተና ግዜ



ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Sarah S.
ትርጉም ፥ ሰላም ተወልደ
ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

የሱስ ምስ ተጠመቀ፡
እግዚኣብሄር ተዛረበ።
ከምዚ ድማ በለ "እቲ
ብእኡ ዝሰመርኩ ፍትዊ
ወደይ ንሱ እዩ"።
መንፈስ ቅዱስ ድማ
ከም መልኽዕ ርግቢት
ኣብ ልዕሊ የሱስ ዓለበ።





ብድሕሪ እዚ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ንየሱስ ናብ በረኻ ወሰዶ። የሱስ ድማ በይኑ ነበረ።

የሱስ ንኣርብዓ መዓልቲን ለይትን ጾመ። እዚ ማለት ወላሓንቲ መግቢ ይኹን መስተ ኣየሰተየን ማለት እዩ። ኣዚዩ ድማ ጠመየ።



መጽሓፍ ቅዱስ ድማ እንስሳ ዘገዳም
ኣብቲ በረኻ ከም ዝነበሩ ይነግረና።



ሰይጣን ድማ ን የሱስ ክፍትን ኢሉ መጸ። ከምቲ ቀደም ን ኣዳምን ሄዋንን ኣብ ገነት ኤደን ካብ ትእዛዝ ኣምላኽ ከትርፎም ዝፈተኖም። ሕጂ ድማ የሱስ ክፍትኖ ኢሉ መጸ።





ሰይጣን ወላ ንዉሉድ
ኣምላኽ ዚኾነ "የሱስ"
ክፍትን ይመጽእ እዩ።

"ንስኻ ዉሉድ ኣምላኽ እንተኮንካ" በሎ ሰይጣን ን የሱስ፡ "ነዚ እምኒ ናብ እንጌራ ለዉጦ" በሎ። የሱስ ጠምዩ ከም ዝነበረ ይፈሊጥ ኔሩ እዩ። ወዲ ኣምላኽ ድማ እምኒ ናብ እንጌራ ከም ዝልዉጥ ስለ ዝፈሊጥ እዩ። የሱስ ግን ይእዘዞ ዶ ይኸዉን?



ኣይፋል! የሱስ ንሰይጣን ኣይተኣዘዞን። ከምዚ ኢሉ ደኣ መለሰሉ። "ወዲ ሰብ ብእንጌራ ጥራይ ዘይኮነ ፡ ካብ ኣፍ እግዚኣብሄር ዝወጽእ ቃል እዩ ዝነብር" በሎ።



ብድሕሩ እዚ ድማ ሰይጣን ንየሱስ ናብ በሪኽ ከተማ ናይ የሩሳሌም፡ ናብቲ ቅዱስ ስፍራ ብዙሕ ህዝቢ ዝምልኸሉ ወሰዶ። ሕጂ ከ ሰይጣን እንታይ እዩ ክእዝዝ?



"ወዱ ኣምላኽ እንተኮንካ፡ ካብዚ
ዘለኻዮ ንታሕቲ ገጽካ ጽደፍ" በሎ።
"ቃል ኣምላኽ ንከይትወድቅ
መለኣኽቱ ክእዝዘልካ እዩ ይብል"።



"ኣይፋሉን!" የሱስ ድማ መለሰሉ "ጽሑፍ እዩ ፡ 'ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይትፈታትን' በሎ።"





ሰይጣን ድማ መሊሱ ፈተነ። ንየሱስ
ናብ በሪኽ ከተማ ወሰዶ።

ንንግስነትን ሃብትን ኢዛ ዓለም
እንዳርኣየ ድማ ፡ሰይጣን ከምዚ
በሎ "ፍግም ኢልካ ተሰጊድካለይ
እዚ ኩሉ ክህበካ እየ"።



"ሰይጣን ካባይ ርሓቕ" ኢሉ የሱስ ኣዘዞ። "ጽሑፍ ድማ ይብል እዩ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ጥራሕ ተገዛእ ንዑዑ በይኑ ውን ኣምልኾ" በሎ።



ድሕሪ እዚ ሰይጣን ንየሱስ
ሓደጎ። ሽዑ ኣገራሚ ነገር
ኾነ። እግዚኣብሄር
መላእኽቱ ሰዲዱ
ነቲ ንሰይጣን
ዘይተኣዘዘ-የሱስ
ኣጸናንዖን ደገፎን።



ናይ የሱስ ናይ ፈተና ግዜ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴዎስ 4፡ ሉቃስ 4

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለዅ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለዅ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለዅ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3።16